Centre for Information Resilience

# Summary Document

## አብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ንዝስትውዓሉ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፉ ስርዓተ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ዝተገበረ መጠቓለሊ መፅናዕቲ

The Centre for Information Resilience

May 2024

**መእተዊ**

ኢንተርኔት ብፍላይ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር እውን ድህረ ገፅታት ውልቃዊን ማሕበረሰባዊን ጉዳያት ሰፊሕን ሃነፅትን ዘተ ክገብር ዕድል እኳ እንታሃበ ስግኣታት እውን ኣምፂኡ እዩ፡፡ ኢንተርኔት ከም ኣማራፂ መሳርሒ ምዝርጋሕ ሓበሬታ ማሕበራዊ ምትእሳሳር ፤ማህበረሰብ ንምንቃሕ ዝግበር ምንቅሳቀሳትን ፖለቲካዊ ምልዕዓልን ኣማራፂ መንገዲ ኮይኑ ዋላ'ኳ እንተገልገለ ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመርኮሰ ፆታ መሰረት ዝገብረ ጥቕዓትን (TFGBV) ኣድልዎን ዘቕፅል መድረኽ ኮይኑ ይረአ፡፡ ኣዋልድን ደቂ ኣንስታዮን ኣብ ኦንላይን ዘለወን ድሕንነት ብዝተኸአለ መጠን ምሕላውን ኣብ ማሕበራዊ ህይወተን ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ንኽገብራ ንምብርትታዕ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ኣብ ስርዓት-ፆታ ዝተመስረተ ጥቕዓታት ምክልኻል የድልይ፡፡

**በዚ መሰረት ቀንዲ ዓልማታት እዚ ፕሮጀክት ከም ዝስዕብ እዩ፡**

- ኣብ ኢትዮጵያ ዝስትውዓሉ ኣብ ቴክኖሎጂ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓት ብመረዳእታ ምርኣይ
- ትካላት መንግስቲ፣ ትካላት ሲቪል ማሕበራት፣ ማሕበራዊ ሚድያ ዘማሓድራ ኩባንያታትን ሕብረተሰብ ብዛዕባ እዞም መጥቃዕትታት ብዝበለፀ ክፈልጥ ምግባር
- ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከባ ሲቪል ማሕበራትን መንግስታዊ ትካላትን ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ንዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ከም ግብዓት ዝኾኑ ተግባራዊ ምኽሪ ሓሳባት ምቕራብ፡፡

ሴንተር ፎር ኢንፎርሜሽን ሪዚሊየንስ (CIR) ብዝገበሮ መፅናዕትን (Research) ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብዝታኸየዱ ተኸታታሊ ዘተን ዓውደ መፅናዕትን ኣብ ኢትዮጵያ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ከምዘጋጥመን ከረጋግፅ ክኢሉ ፡፡ ኣብቲ ዘተ ኣብ ኢትዮጵያ ደቂ ኣንስቲዮ ብኦንልይን መድረኻት ብዝለዓለ ደረጃ መጥቃዕትን ምግፋዕን ይበፅሐን ዝብል ናይ ሓባር እምነት ብተሳፍቲ ተላዒሉ ነይሩ፡፡ ካብቶም መጥቃዕትታት መፅላእልኢ ዘረባታት፤ሕነ ምፍዳይ፣ ብዕልግናን ምግፋዕን ዘጠቓልሉ እዮም፡፡ ተሳተፍቲ እቲ መፅናዕቲ እቲ ፀገም ንምፍታሕ ዝሕግዝ ፍታሕ ንምብፃሕ፤ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ሓበሬታ ዘይምህላው ከምቀንዲ ጉድለት ጠቒሶም፡፡ እዚ መፅናዕቲ እዚ ናይ መረዳእታ ክፍተት ንምምላእ ዝዓለመ እዩ፡፡

**ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመርኮሰ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት መፅናዕቲ ስለምንታይ ኣገዳሲ ኮይኑ?**

እዞም ኣብ ኢንተርኔት ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት መብዛሕቲኡ ጊዜ ኣብ ሓቀኛ ዓለም ወይ ኣብ ህልው ኩነታት ዝረአ ጾታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ከጋድዱ ይረአዩ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኢንተርኔት ውሕስነት እንተዘይተሰሚዕወን ኣብቲ ኣብ ህልው ኩነታት ዘሎ ማሕበረሰብ ዘለወን ተሳትፎ ሙሉእ ብሙሉእ ትርጉም ብዘለዎ መንገዲ ከይሳተፋ ክኽልክለን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ፀለመ እዚ ዝተፈላለዩ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል፤ንኣብነት ደቂ ኣንስትዩ ኣብ ወሳኒ ጉዳይን መስርሕ ህንፀት ዲሞክራሲ ወጽኢቱ ውሑድ ውክልናን ተሳትፎን ክህልወን ክገብር ይኽእል፡፡

እቲ መጥቃዕቲ ውፅኢት ግጉይ ኣረኣእያ ትረኻታት እምነት እዩ ። ትሕዝትኡም ድማ ኣግላሊ ፤ ኣድልዎን ዘነኣእስን ቃላትን ዓውድታትን ዘጠቓልል ኮይኑ ኣብ ዝተዛብዐ ታሪኻዊ ሃይማኖታዊ ፤ፖለቲካውን ባህላዊ ኣረኣእያታት ዝተመስረተ ክኸውን ይኽእል።

ግጉይ ኣረኣእያን እምነትን ብበዝሒ ዝተዛብዐ፤ብሽለልትነት፤ ብዘይ ምስትውዓልን ብዘይምፍላጥን ንዝፍጸሙ ዓይነት ግህሰትን ምግፋዕን መንገዲ ይኸፍት። እዞም ፍፃመታት ኣብ ዝልዓለ ጠርዞ ኣብ ዝበፅሐሉ እዋን ከም መግረፍቲ ፥ ማእሰርቲ ሓሊፉ ተሪፉ ፤ናብ ፆታውን ኣካላውን መጥቃዕትታት ቅድሚ ምብፅሑ ከም ፀርፊን ምፍርራሕን ዝመሳሰሉ ናይ ቃላት ጥቕዓታት መንገዲ ይኸፍቱ ። እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ከምዚ ዝበለ ልዑል ደረጃ ምስበፅሐ ኣብ ልዕሊ እተን ተጠቃዕቲ ከቢድ፣ ነባሪ፣ ኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ጉድኣት ይገድፍ። ካብዚ ሓሊፉ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማሕበረሰባዊ ተሳትፎ ክግለላ ብምግባር ፤ ንወሃብቲ ውሳነ ብሓበሬታ ዝተሰነየ ውሳነ ንኸይወስዱ ይዕንቅፎም።ኣብ ዘርፍታት ህዝባዊ ግልጋሎት (ምሕደራ) ናይ ኣረኣእያ ብሉፅነት ዘይምህላው ኣብ ኣማሓደርቲ ኣካላት ተቐባልነት ከስእኖም ይኽእል። በዚ ድማ ነዚ ፀገም መፍትሒ ፖሊሲ ንምሕንፃፅ እንታይነት ናይዞም መጥቃዕትታትን ብተደጋጋሚ እዚ ጥቕዓታት ዝግበረሉ መድረኻት ምፅናዕን ምምርማርን ኣገዳሲ እዩ።




*ስእሊ 1፡ ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመርኮሰ ፆታ መሰረት ዝገብረ ጥቕዓትን ኣድልዎን (TFGBV) ኣብ ውሽጡ ኣበርክቶ ዝገብር ዑደት ምግላል ንምርኣይ ዝሕግዝ ምስላዊ ስእሊ። ብሲ.ኣይ. ኣር ዝተሰርሐ ስእላዊ መግለጺ።*

**እቲ መፅናዕቲ ክልተ ክፋላት ኣለዎ፡-**

ሀ. ናይ መጀመሪያ መፅናዕቲ ‹‹ Silenced, Shamed and Threatened: the online abuse of woman and girls who Participate in Ethiopia Public life>> ዝብል ኣርእስቲ ሒዙ ይርከብ።

አብ ኢትዮጵያ ደቂ አንስቲዮን ደቂ ተባዕቲዮን ናይ ኦንላይን ጥቕዓትን ምግፋዕን ተጠቃዕቲ ምዃኖም ዘጠራጥር አይኮነን፡፡ አብዚ ተመስሪቱ ብ CIR ናይ ኦንላይን ጥቕዓት፣ ምግፋዕ ተፅዕኖታት እንታይ ከምዝመስሉን ልምድታት እተን ተጠቃዕቲ ንምምርማር እዚ መፅናዕቲ አካይዱ፡፡ ነቲ መፅናዕቲ ዝሕግዙ ቅድሚ ሕጂ አብቲ ጉዳይ ዝተገበሩ መፅናዕትታትን ዝተፈላለዩ ሰነዳትን መርሚሩ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ድማ አብ ሚዲያ ፤ሲቪል ማሕበራትን ሲቪል ሰርቪስን ቁልፊ ተፃዋቲ ዝነበራን ብኢንተርኔት ንዝፍፀም ጥቕዓት ተቓለዕቲ ዝነበራ 14 ደቂ አንስትዮ ቃለ መሕተት አካይዱ እዩ፡፡

**እቲ መፅናዕቲ ዝተመርኮሰሉን ንምምላስ ዝዓለሞ ሕቶታት**

- ትሕዝቶን ስፍሐትን ፡- ኣብ ኦንላይን እንተይ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎም ጥቕዓታት ብብዝሓት ይረኣዩ ? በቶም ገበነኛታት ዝዝውተሩ ፍሉያት ትረኻታት ኣለው ዲዮም? ኣብ ኢትዮጵያ ጥቕዓት ምግፋዕን ክሳብ ክንደይ ሰፊሕ እዩ? ምድግጋሙ እንታይ ይመስል?
- መድረኽት ፡- ኣብ ኣየኖት ማሕበራዊ መራኸበታት /መድረኽት/ እዩ እቲ መጥቃዕቲ ምግፋዕ ዝፍፀም ዘሎ ? እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ህዝባዊ መድረኻት (ትዊተር፤ህዝባዊ ፅሑፋት ፌስቡክ ወዘተ) ድዩ ዝፍፀም ወይስ ኣብ ኣመራፂታት ቀጥታዊ መልእኽቲ (ዋትስአፕ ፤ሜሴንጀር፤ቴሌግራም)?
- ዕላማ፡- እቶም ገበነኛታት እቲ መጥቃዕቲ ወይ ምግፋዕ እንታይ ንምስኻዕ ሓሳብ ጌሮም እዮም ዝፍፅምዎ ? ብድሕሪ እቲ መጥቃዕቲ ነቲ ጥቕዓት ዘተሓባብሩ ኣካላት ኣለዉ ድዮም?
- ፅልዋ ፡- እዞም መጥቃዕትታት ኣብ ሞያ ፤ውልቃዊ ህይወትን ስድራቤትን እቶም ዝተጠቑዑ ውልቀ ሰባት እንታይ ፅልዋ ኣለዎ? ኣብ መዓልታዊ ህይወቶምን ስርሖምን ኣብ ዝገብርዎ ንጥፈታት ፀቕጢ ገይሩሎም ድዩ?

ተሳተፍቲ እቶም ቃለ መጠይቕ አብ ዝሃብዎ መልሲ ትሕዝቶ ፤ ዕላማን ፅልዋን ናይቲ መጥቃዕቲ ከከም ፆታ እቲ ውልቀ ሰብ ይፈላለ ምዃኑ አረዲኦም፡፡ ካብ ዝሃብዎ መልሲ መብዛሕትኡ አብ ልዕሊ ደቂ አንስቲዮን አዋልድን ዝፍፀም ጥቕዓታት ስርዓተ ፆታ መሰረት ዝገበረ፤ ኣብ ፆታዊ ተራ ዘተኮረ፤መንነተን ንምንእኣስ ዝዓለመን ስነምግባር ዝጎደሎ ትሕዝቶ ዝሓዘሉን ምዃኖም አካፊሎም፡፡ ብኣንፃሩ ኣብ ልዕሊ ደቂ ተባዕቲዮ ዝፍፀም ጥቕዓት መብዛሕቲኡ ኣብ ዒላማታት መግለፂ ፤ኣረኣእያ ወይ ፖለቲካዊ መርገፅታቶም ዘተኮረ ምዃኑ ገሊፆም፡፡ እቲ ረኽብታት ከም ዘርእይ አብ ናይ ኢትዮጵያ ኢንተርኔት ዓለም ጥዐና ዘይብሉ ምትእስሳር ከምዘሎን፤ አብ ደቂ ኣንስቲዮን ዝስንዘሩ ጥቕዓታት፤ ትሕዝቶ ደቂ አንስቲዮን አዋልድን ኣብ ሕብረተሰብ ዘለወን ተራ፤ ፆተአን ፤ ብሔረን፤ፖለቲካዊ ኣረአእይአን ፣ ብግብረሰዶማዊነት ብምፍራድን፤ ኣብ ሃይመኖተን ዙሪያ መሰረት ጌሩ ዘነፃፀረ ዒላማ ከምዝኾናን ዘርኢ እዩ፡፡

እተን ቃለ መሕተት ዝተገበረለን ደቂ ኣንስቲዮ ብሰንኪ ኣብ ኢንተርኔት ዘጋጥመን መጥቃዕትን/ምግፋዕን ኣብ ማሕበራዊ መራኻብታት ከምኡ እውን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዝግበር ንጥፈታት ዘለወን ተሳትፎ ከቋርፃን ስቕታ ክመርፃን ከምዝተገደዳ ገሊፀን ፡፡ ናይ ደቂ ኣንስቲዮ ብ ኦንላይን መድረኻት ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ንምሕያልን ወሕስነቱ ዝተሓለወ ናይ ኦንላይን መድረኻት ምፍጣር አድላዪ ምዃኑ እቲ መፅናዕቲ አመልኪቱ ፡፡ ዘላቒ መፍትሒን ውፅኢትን ንምምፃእ ከምኡእውን ናይ ኦንላይን ጥቕዓታት ብዝተኸአለ መልክዑ ንምክልኻል ዋና መፍትሒ ክኾን ዝግብኦ ናይቲ ችግር ምንጪ ምድራቕ እዩ፤ ንአብነት ዝተዛብዑ ናይ ስርዓተ ፆታ አመለኻኽታ ምቕናዕ፤ኣብ ፆታ ዝተመስረተ አድልዎ ብምክልኻልን ናይ ደቂ ኣንስቲዮ ውክልና ብኹሉ ናይ ህዝቢ መድረኻት ብምዕባይ ምዃኑ ናይቲ መፅናዕቲ ረኽቢ አመልኪቱ፡፡

## ለ) ካልኣይ ናይ መፅናዕቲ ክፍሊ፡- « Normalized and invisible: an analysis of gendered hate speech on social media in Ethiopia >> ብዝብል አርእስቲ ዝተሰነደ እንትኾን፡-

እዚ ክፍሊ እዚ ካብቲ ናይ መጀመሪያ መዕናዕቲ ዝተመስረተን አብ ውጽኢት ናይቲ ቀዳማይ ዘጠናኸረን እዩ ፡፡ እዚ ክፍሊ ብዕምቆት አብ ኢትዮጵያ ብቴክኖሎጂ ዝድገፍ ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዘተኮረ እንትኾን፤አብ ሰለስተ ማሕበራዊ መራኸብታት (ፌስቡክ ፤ቴሌግራምን ኤክስን ) ዝተኻፈለ ትሕዝቶ ማሕበራዊ መራኸብታት መርሚሩ፡፡ እዚ ክፍሊ እዚ ካብቲ ናይ መጀመሪያ ፅንዓት ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ካብ ፆታ በተወሳኺ ብካልኦት ተደራራቢ ምኽንያታት በምሕንፃፅ አብ ግለሰባት ዘጥቅዕ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዘተኮረ እዩ፡፡

(እዚ ማለት ሓንቲ ጓል አንስተይቲ ብሰንኪ ፆትአ ዒላማ እናታገበረት እንከሎ ብተወሳኺ ፍሉይ ሓለዋ ዝግበረሎም ባህርያት ማለት እውን አካል ጉዳአተኛታት፤ዓሌትን ሃይማኖትን ተመስሪቱ ብተደረራቢ ምክንያት ዝተመርኮሰ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዒላማ አንትትኸውን ማለት እዩ) ፡፡

ንመፅናዕቲ ዝኸውን ናሙና ትሕዝቶ ንምእካብ ዝሕግዝ 2058 ዝኾኑ ናይ ፅልአት ዝሓዘሉ ቃላት ብ 4 ቋንቋ ማለትም (ብአማርኛ ፤አፋን ኦሮሞ ፤ትግርኛን እንግሊዝኛን) ተፈልዮም እዮም፡፡ CIR ነቶም ቃላት ንምፍላይ አብ አዲስ አበባ ተኸታታሊ ዓውደ መፅናዕትታት አካይዱ እዩ፡፡

እቶም ዝተፈለዩ ቃላት ከም መመላእታ ምስቲ ፀብፃብ መፅናዕቲ ተተሓሒዞም አለው፡፡ አብ እዋን ትንተና እቲ መፅናዕቲ ናሙናታት ተወሰዱ ትሕዝቶ ሚድያ(ፖስትታት እውን ) ኣብ ሰለስተ ምድብ ተመዲቡ፤ እቶም ምድባት ትሕዝቶን ዕላማን ናይቲ ፅልኢ ዘረባ ፤ትሕዝቱአን ዓይነቱን (ፀርፊ፤ ምፍርራሕ፤ፆታን ምስ ዝተወሰኑ ባህርያት ወይ ፆታዊ ዘይማዕርነት ምትእስሳርን) ከምኡ ውን ዓውደ ፅሑፍ ናይቲ ትሕዝቶ (አፀያፊ፤አነኣኣሲ ወይ ዘሹፍን) እዮም፡፡

### አቲ መፅናዕቲ ዝተመርኮሰሉን ንምምላስ ዝዓለመሉን ሕቶታት

- ቅርፂን ትሕዝቶ (ዓይነትን ስምዒትን)፡- እንታይ ዓይነት ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት እዮም ዝበዝሑ? ብድሕሪ እዚ ናይ ፅልኢ ዘረባታት እንታይ መልእኽቲ አለዎም? ናይ ፅልኢ ዘረባ ብፆታ ይፈላለ ድዩ?
- ተደራራቢ መጥቃዕቲ፡- አብ ፆታን ካልኦት ዝተሓለው ባህርያት ከም አካል ጉድአት (ስንኩል)፤ ብሔርን ሃይማኖት መንነትን ዝተመርኮሰ ናይ ፅልኢ ዘረባ ካብ ካልኦት ዓይነታት ናይ ፅልኢ ዘረባ ብኸመይን ስለምንታይን ይፍለ?
- ቦታ /መድረኽ ፡- አብ ፆታ ዝተመስረተ ፅልኢ ዘረባታት አብ ማህበራዊ መድረኽ ይፈላለ ድዩ?

ክልቲኡ መፅናዕቲ ከምዘመልከትዎ ደቂ አንስቲዮ ብቴክኖሎጂ ዝተመርኮሰ መጥቃዕታት ፅልኢ ዝመልኡ ዘረባን ብዘይ መጠን ከምዝበፅሐን አረዲኡ፡፡ አብ ማህበራዊ መራኸብታት ዝተኻፈለ ትሕዝቶ ትንታነ ከምዘመልክቶ ደቂ አንስቲዮ ካብ ደቂተባዕትዮ ንላዕሊ ንናይ ፅልኢ ዘረባ ከም ዝቃልዓ ይሕብር ፡፡ እቶም ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብውሽጦም ዝተሰሓሓተ ናይ ስርዓተ ፆታ አመለኻኽታ መሾፍን ዘነአእስን ቃላት ዝሓዙ እዮም፡፤ ንደቂተባዕትዮ ዕላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ልኡምን ልዝብ ዝበለ ምኧኑ እቲ መፅናዕቲ አረጋጊፁ፤ እቲ መፅናዕቲ ከም ዝሕብሮ ብዘይካ ናይ ፆታ ፤ ፅኑዕ ባህርያት ንአንላይን ምፅራፍ ዒላማ ክኸውን ዚያዳ ተኽእሎ አለዎ፡፡

ብተወሳኺ እቲ መፅናዕቲ አብ ደቂአንስቲዮ ዝቐንዐ ናይ ፅልኢ ዘረባ ካብቲ ናይ ካልኦት መንነታዊ ጉጅለታት ዝቐንዐ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝፍለ ምኧኑ አረጋጊፁ፡፡ አብ ደቂአንስቲዮ ዘነፃፅር ናይ ፅልኢ ዘረባታት ናይ ደቂ አንስቲዮ ምትሓትን ፤ ዝተዛብዐ ፆታዊ አመለኻኽታን ትረኻታትን ዝሓዘሉን ምስ ምሻፍ ዝተሓዋወሰን እንትኾን፤ ምስቲ ብሀይማኖትን ብሔርን መሰረት ንውልቀ ሰባት ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ክነፃፀር ከሎ ልዝብ ዝበለ ናይ ፅልኢ ትሕዝቶ ከም ዘመልክቱ እቲ መፅናዕቲ

የርእይ ፡፡ ብተወሳኺ ውፅኢት ናይዚ መጽናዕቲ ፤ ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዝግበሩ ፍፃመታት ኣብ ኢንተርኔት ንዝግበር ዘተን ዝርገሐን ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባን ፅልዋ ኣለዎ ዝብል ኣረኣእያ ይድግፍ ፡፡ ነዚ ከም መርኣያ ዝኾን ድማ ኣብ እዋን እዚ መፅናዕቲ ኣብ ኣምሓራን ኦሮሚያን ዝተፈጠረ ጎንፅታት ኣብ ልዕሊ ተወለድቲ ደቂ ኣንስቲዮ ክልቲኡ ብሔራት ዝኾና ይነድድ ዝነበረ ተደራራቢ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ምስ ካልኦት ብሔራት እንትነፃፀር ብተዛማዲ ሰፊሕ ምንባሩ ክርአ ይከኣል፡፤ ፖለቲካዊ ፍፃመታት ስዒቡ ዝዝርጋሕ ባእሲ ቀስቃሲ ነድሪ ዝመልኦ ቃላት ዝጥቀሙ ካብ *ፆታ መሰረት* ዝገብር ናይ ፅልኢ ዘረባ ዚያዳ ጎሊሁ ክረአ ይኽእል፡፡

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ዘተ ክረአ ዝተኽኣለ ነገር በኣብዝሓ ጊዜ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታት ብቡዙሓት ሰባት ብጌጋ ከምዝተረድእዎን በቴክኖሎጂ ዝተደገፈን *ፆታ መሰረት* ዝገብረን ጥቕዓታት ሸለል ከምዝብልዎን እዩ ፡፡ በተወሳኺ ዝተወሰኑ ትሕዝቶታት ንኣብነት ከም ዝተዛብዐ *ፆታ መሰረት* ዝገበረ ኣመለኻኽታታት፤ ፀርፊ፤ኣዋረድቲ/ዘንኣእስ/ቃላት፤ወይ ደቂ ኣንስቲዮ ኣብ ካልኦት *ፆታታት* ዝተሓተተ ምኺና ዘመልከት ዘረባታት ፤ሓደገኛን ባእሲ መልዓዓሊ ዝኾኑ ናይ ፅልኣት ዘረባታትን ዝነኣሰ ጉድኣት የብፅሑ እዮም ዝብል እምነት ከምዘሎ እቲ መፅናዕቲ ኣመልኪቱ፡፡ ስለዚ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ፅልኢ ዘረባ እንታይ ምኺኑን ዘስዕቦ ፀገማትን ጉድኣትን ብዝምልከት ዝሓሸ ትምህርቲ ምሃብ ኣገዳሲ ምኺኑ እቲ መፅናዕቲ ኣመልኪቱ፡፡

*ፆታ መሰረት* ዝገበረ ጥቕዓት ጽልዋታት ኣድልዎን ካብ ዓይኒ ህዝቢ ዝታሓብአ (ዝተጋረደ) ይመስል፡፡ ተሳታፍቲ ናይቲ መፅናዕቲ *ፆታ መሰረት* ዝገበረ ዓመፅን (ጥቓዓታት) ብጣዕሚ ምስፍሕፍሑን ክሳብ ቱኽረት ተሳኢንሉ ንቡር ኮይኑ ከምዘሎ ይኣምኑ፡፡

## ምኽሪ ሓሳባት

ኣብዚ መፅናዕቲ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ምስ ዘለው መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ፖሊስን ኣመራርሓን ማሕበረሰብን መሪሕነት ንምትግባር ዘኽእል ምኽሪ ሓሳባት ኣቕሪቡ፡፡ እቲ መፅናዕቲ ከም ዘመልክቶ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ኣብ ዕላምኡን ዒላማ ዝገብሮ ኣካልን ይፈለላ እዩ፡፡ ነዚ ፍልልያት ምርዳእ ናይ ደቂ ኣንስቲዮ ናይ ኦንላይን ድሕንነት ብዝበለፀ ንምሕላው ዝዓለሙ ፓሊሲታትን ሓበሬታታትን ፍታሕ ንምሕንፃፅ መበገሲ ይህብ፡፡

ካብቲ ረኺብታት በምብጋስ ትካላት መንግስቲ ብሓበሬታ ዝተሰነየ ናይ ፓሊሲ ውሳኔታት ንምሃብ፤ብማሕበራዊ ናይ ሚዲያ ዘመሓድሩ ኩባንያታት ትሕዝቶ ክትትልን ገምጋምን ፃዕርታቶም ንምፍታሽ፤ሲቪላት ማሕበራት ንውትወታ ፃዕርታቶም ከም እታዊ ክውዕልን ሕብረተሰብ ድማ ንትግባረ ፃውዒት ንምቕራብን ክጥቀምሎም ከምዝኽእሉ ጠንካራ እምነትን ተስፋን ኣለዎ፡፡

## ግንቦት 1፤2016 ብ ኣ/ኣ ዝካየድ መደብ /ዋዕላ (ኮንፈንስ)

እቲ ዋዕላ/ኮንፈረንስ ድሕንነት ደቂ ኣንስቲዮ ኣብ መስመርን ካብ መስመር ወፃኢን ብዝበለፀ ንምውሓስ ዝሰርሑ ውልቀሰባትን ትካላትን ኣብ ሓደ መድረኽ ንምጥርናፍ ዝዓለመ እዩ፡፡ እቲ መድረኽ ኣብ ቴክኖለጂ ዝተመርኮሰ *ፆታዊ* ጥቕዓት ንምክልኻል ዝስርሑ ፤ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታት ንምክካል ዝስርሑ ከምኡእውን በኢንተርኔት *ፆታ መሰረት* ዝገበረ ምግፋዕ ዝፍፅሙ ገበነኛታት ብሕጊ ንኽሕተቱን ተጠያቒ ንምግባርን ዝጣበቕን ወልቀ ሰባትን ትካላትን ዘራኽብን ዘሳትፎን እዩ፡፡

እቲ መደብ ምሕታም እቲ መፅናዕቲ፤ናይ ክኢላታት መፍትሒ ዘተኮረ ዘተ፤ ምርኢትን ብማእኸል ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (Ethiopian Human rights defenders center) መሰላት ደቂ ኣንስቲዮ ፤ብኢንተርኔት ዝፍፀም *ፆታ መሰረት*

ዝገበረ ጥቕዓት ናይ ዕልኢ ዘረባታትን ንቕሓት ንምፍጣርን ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ትካላት ነዞም ጉዳያት ንምፍታሕ ዝገብርኦ ዘለዋ ኣነቓቕሒ ስራሕ ንምርኣይ ዝዓለመ እዩ፡፡ CIRን መሻርኽቱን ነቲ ኩነታት ብምጥቃም ተስፋ ንምልዓል ፣ምትሕጋጋዝ ንምግላፅን ንምርኣይን ኣብ ኢንተርኔት ዝፍፀም ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓታት ብቱኽረት ከረአ ዘለዎን መፍትሒ ክርከበሉ ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ንምምልካት ዝዓለመ እዩ፡፡

Centre for Information Resilience